JÄRFÄLLA

ብዛዕባ ምርጫታት እትደልዮ ቤትትምህርቲ፡ ናይ ”ቅድመ-ትምህርቲ”፡ ናይ 6ይ ክፍሊ ትምህርቲ። ናይ ቤትትምህርቲ ምርጫኻ፡ ኣብ ኢንተርነት www.jarfalla.se/skolplats **ቅድሚ 15 ጥሪ ግበሮ**።

ኣብ ቀውዒ 2018፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ክፍሊ ወይ ኣብ 6ይ ክፍሊ ዝጅምር ውላድ ዘሎካ ወላዲ፥ ናይ ቤትትምህርቲ ምርጫኻ ምልክታ፥ ኣብ መንጎ **8 ታሕሳስን 15 ጥሪን** ክኣቱ ይግባእ።

<u>ናብ ሓደ ኮሙናዊ ቤትትምህርቲ ኣመልክት</u>
ኣበየናይ ቤትትምህርቲ ውላድካ ክኸይድ ከም እትደልዮ፥ ምልክታ ተእቱ ባዕልኻ ኢኻ። ኣብቲ ናይ ኮሙን ኣድራሻ ኢንተርነት www.jarfalla.se/skolplats ኣቲኻ፥ “ኤ-ኣገልግሎት” (e-tjänst) ብምጥቃም፥ ናይ ድሌትካ ምርጫ ተቕርብ።

“ኤ-ኣገልግሎት” (e-tjänst) ንምጥቃም፥ ሓደ ናይ ባንክ መንነት (bank.id) የድሊ’ዩ። ብኸመይ ናይ ባንክ መንነት ከም ትእዝዝ፥ ኣብቲ ናትካ ባንክ ወይ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት https://support.bankid.com/sv ሓበሬታ ኣሎ።

እዚ “ኤ-ኣገልግሎት” (e-tjänst) ብጽቡቕ ንኽሰርሕ፥ ኣብታ ናትካ ኮምፑዩተር ናይ Chrome, Firefox, Internet Explorer ወይ Edge፡ እቲ ናይ መወዳእታ ቅዳሕ “ኣንባቢ ኢንተርነት” (webbläsare) ክህልወካ የድሊ።

<u>ናብ ግላዊ ቤትትምህርቲ ወይ ናብ ካልእ ኮሙን ዘርከብ ቤትትምህርቲ ምልክታ ምቕራብ</u>
ኣብ ሓደ ግላዊ ቤትትምህርቲ ወይ ኣብ ካልእ ኮሙን ዘርከብ ቤትትምህርቲ ቦታ ንምርካብ፥ ባዕልኻ ናብቲ ቤትትምህርት’ቲ ክተምልክት የድሊ። እቶም ግላውያን ኣብያተትምህርቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ምዝገባ መስርዕ’ዩ ዘሎዎም።

<u>ኣብ ቤትትምህርቲ ቦታ ምርካብ</u>
እቶም ኮሙናዊ ኣብያተትምህርቲ፥ ቦታ ከም ዝፈቕዱልካ፡ ኣብ መወዳእታ **ወርሒ የካቲት** ይሕብሩኻ። ውላድካ ነቲ ዝተወሃቦ ናይ ቤትትምህርቲ ቦታ መታን ክረኽቦ፥ ክልቲኦም ወለዲ ነቲ ቦታ ብሓባር ክቕበልዎ ይግባእ።

ግላውያን ኣብያተትምህርቲ ግን፥ ብዛዕባ ቦታ ምርካብካ ኣብ ካልእ እዋን’ዮም ሓበሬታ ዚህቡ።

<u>ናይ ድሌትካ መግለጺ እንተ ዘይኣቕሪብካ</u>
”የርፈላ ኮሙን”፡ ንኹሎም ኣብቲ ኮሙን ምዝጉባት ዝኾኑ፥ ግዴታ-ቤትትምህርቲ ‘ውን ዘሎዎም ቆልዑ፥ ናይ ቤትትምህርቲ ቦታ ከዳልወሎም ሓላፍነት ኣሎዎ። ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝኸዱ ሕጻናት፥ ኣብቲ ምዝጉባት ዝኾኑሉ ክፍለ-ኮሙን፡ ናይ ቤትትምህርቲ ቦታ ምርካብ መሰል ኣሎዎም። ናይ እትደልዮ ቤትትምህርቲ ምርጫኻ ምልክታ ምስ ዘይተቕርብ፥ ኣብቲ እቲ ተመሃራይ ምዝጉብ ኰይኑ ዝቕመጠሉ ክፍለ-ኮሙን፥ ኣብ ጥቓ ገዝኡ ኣብ ዚርከብ ቤትትምህርቲ፥ ናጻ ቦታ ምስ ዚህሉ፡ ኣብኡ ይዳለወሉ።

ኣብ 6ይ ክፍሊ ዝጅምሩ ተመሃሮ፡ ናይ ድሌት መግለጺ ምልክታ ምስ ዘየቕርቡ፥ ኣብቲ እቲ ተመሃራይ ጥቓ ገዝኡ ዝኾነ ቤትትምህርቲ፥ ናጻ ቦታታት ምስ ዚህልዎ፡ ኣብኡ ይዳለወሉ። እቲ ምዕዳል ናይ ቦታታት ብምሉእ ኮሙን ደረጃ እምበር፥ እቲ ክፍሊ-ኮሙናት ኣብዚ፡ ትርጉም የብሉን።

ኣብ 5ይ ክፍሊ ኣብ F-9-skola ዝኸዱ ተመሃሮ ፥ ኣብ 6ይ ክፍሊ’ውን ኣብቲ ዘለዉዎ ቤትትምህርቲ ክቕጽሉ መሰል ኣሎዎም። እምበኣር፡ ናይ ድሌትካ መግለጺ ምልክታ ከየቕረብካ ምስ ትተርፍ፥ እቲ ተመሃራይ፡ ኣብቲ ዝነበሮ ቤትትምህርቲ ቦታ ይወሃቦ።

<u>ናይ ቤትትምህርቲ ቦታታት በዚ ዚስዕብ ኣገባብ ይዕደሉ</u>
”የርፈላ ኮሙን” ብዝተኻእሎ መጠን፥ ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ድሌት መግለጺ ከማልኣልካ ይጽዕር እዩ።  እቲ ተመሃራይ፡ ብዋሕዲ ቦታታት ምኽንያት፡ ኣብቲ ቀዳማይ ምርጭኡ ቦታ ምስ ዘይረክብ፥ ነቲ ብኻልኣይ ኢድ ዝገበሮ ምርጫ ከማልኣሉ ይጽዕር። ከምኡ እናበለ ድማ ይቕጽል።

<u>ቅድመ-ትምህርቲ ክፍሊ - ኮሙናዊ ኣብያተ ትምህርቲ</u>

1. ተመሃራይ፡ ብናይ ኣሕዋቱ ምኽንያት ቀዳምነት ምርካብ



**Barn- och ungdomsförvaltningen**

Sandra Backlund, Utredare/Projektledare
Telefon: 08-580 290 24 (direkt)
Fax:

Besöksadress: Vasaplatsen 11
Postadress: 177 80 JÄRFÄLLA
Telefon växel: 08-580 285 00
E-post: barn.ungdomsnamnden@jarfalla.se Webbplats: www.jarfalla.se
Organisationsnummer: 212000-0043 Postgiro: 30918-7 Bankgiro: 239-2082

2. ተመሃራይ፡ ኣብ ዝመረጾ ቤትትምህርቲ ቦታ ዝረከብ፥ ኣብቲ ክፍለ-ኮሙን ብምቕማጡ
3. ናይ ምርጫ ምልክታ ዘየቕረበ ቆልዓ፥ ኣብቲ ክፍሊ-ኮሙን ብምቕማጡ
4. ተመሃራይ፡ ካብ ካልእ ክፍሊ-ኮሙን ዝመጸ ምስ ዝኸውን
5. ተመሃራይ ካብ ካልእ ኮሙን ዝመጸ ምስ ዝኸውን

ብናይ ኣሕዋትካ ምኽንያት ቀዳምነት ዘውህበካ፥ ካልኦት ኣሕዋትካ ካብ 1ይ-5ይ ክፍሊ ኣብቲ ቤትትምህርቲ'ቲ ዝኸዱ ምስ ዚህልዉኻ እዩ። እዚ ቀዳምነት'ዚ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ጊዜ ናይ ቤትትምህርቲ ቦታ ኣብ ምዕዳል ዘገልግል እዩ። ቤትትምህርቲ ኣብ ትቕይረሉ ጊዜ፥ ዕድል'ዚ ድማ ምስኡ የብቕዕ።

<u>ን6ይ ክፍሊ - ኣብ ኮሙናዊ ኣብያተ-ትምህርቲ</u>
እቲ ናይ ኣቀባብላ ቅደም-ተኸተል ናይ 6ይ ክፍሊ፥ በዚ ዚስዕብ ኣገባብ ይትግበር፡-

1. ተመሃራይ ኣብቲ'ቲ ቤትትምህርቲ'ቲ ቦታ ንኽወሃቦ እንተ መሪጹ
2. ተመሃራይ ናይ ምርጫ መግለጺ ከየቕረበ ምስ ዝተርፍ
3. ተመሃራይ ካብ ካልእ ኮሙን ዝመጸ ምስ ዝኸውን

<u>እቲ ቦታታት ምእኻል ምስ ዝኣቢ</u>

ዘዝምልከቶ ሓለቓ ቤትትምህርቲ፡ ብመሰረት ዓቕሚ ናይቲ ቤትትምህርቲ፡ ንኽንደይ ዝኣኽሉ ተመሃሮ ቦታ ክህብ ከም ዚኽእል ይውስን። ኩሎም ተመሃሮ በቲ ምርጭኦም መሰረት፥ ኣብቲ ቤትትምህርቲ ቦታ ክረኽቡ ምስ ዘይክእሉ፤ ብዝክኣል መጠን እቲ ቦታታት በዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ኣቀባብላ ቅደም-ተኸተል ኣገባብ ከም ዝዕደል ይግበር። ቀጺሉ ድማ፡ ብመሰረት እቲ ተዛማዲ ናይ ቦታ ቅርበት፥ እቲ ምዕዳል ቦታታት ከም ዚፍጸም ይግበር።

<u>ቦታ ኣብ "ፍሪትድስ-ሄም"/ኣብ "ፍሪቲድስ-ክላብ" (Plats på fritidshem/fritidsklubb)</u>
ኩሎም ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ክፍሊ ዝጅምሩ ቆልዑ፥ ኣብቲ ዝኸዱሉ ቤትትምህርቲ ዚርከብ "ፍሪቲድስ-ሄም" ቦታ ይዳለወሎም።
ውላድካ፡ ድሮ ኣብ ናይ የርፈላ "ቅድመ-ትምህርቲ" ወይ "ፐዳጎጂያዊ-ሓልዮት" ዝኸይድ ምስ ዝህሉ፥ ናብ "ፍሪቲድስ-ሄም" ብቐጥታ ከም ዝሰጋገር ይግበር። እቲ ውላድ፡ ናይ "ፍሪቲድስ-ሄም" ቦታ ዘየድልዮ ምስ ዚኸውን፥ ወለዲ ነቲ ቦታ'ቲ ከም ዘይደልይዎ፥ ናብ የርፈላ ኮሙን ከመልክቱ ይግብኦም።
ውላድካ ኣቐዲሙ ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ወይ "ፐዳጎጂያዊ-ሓልዮት" ኣብ የርፈላ ዘይከይደ ኾይኑ፥ ናብ "ፍሪቲድስ-ሄም" ቦታ ንምርካብ ምልክታ ክተቕርብ ይግባእ። እዚ ድማ ብ"ኤ-ኣገልግሎት" (e-tjänst) ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.jarfalla.se ትገብሮ።
ነቲ ናብ 6ይ ክፍሊ ዚጅምር ውላድካ፥ ናይ "ፍሪቲድስ-ክላብ" ቦታ ክወሃቦ ምልክታ ንምቕራብ ምስ ትደሊ፥ ብ"ኤ-ኣገልግሎት" (e-tjänst) ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.jarfalla.se ኣቲኻ ትገብሮ። እቲ ምልክታ ተቕርቦ፥ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ "ክፍሊ-ዓመት'ዩ"።

<u>እቲ ተዛማዲ ናይ ቦታ ቅርበት መትከል</u>
እቲ ተዛማዲ ናይ ቦታ ቅርበት መትከል ዝበሃል፥ ናይቲ ተመሃራይ መቐመጢ ቦታ፡ ምስቲ ዝመረጾ ቤትትምህርቲን ካልኦት ኣብቲ ቀረባ ዘለዉ ኣብያተ-ትምህርትን ዘሎዎ ርሕቀት፥ ምስቲ ናይ ካልኦት ተመሃሮ መቐመጢ ቦታ ዘሎ ተመጣጣኒ ርሕቀት፤ ከተዛምዶ ከሎኻ እዩ። እቲ ውጽኢቱ ድማ፡ ኩሎም ተመሃሮ ናብ ቤትትምህርቶም ተመጣጣኒ ናይ መገዲ ርሕቀት ከም ዚህልዎም ምግባር'ዩ። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ድማ፥ ሓደ ተመሃራይ፡ ኣብታ ኣዝያ ጥቕኡ ዘላ ቤትትምህርቲ፥ ቦታ ንኽረክብ ውሕስነት ክወሃብ ከም ዘይክእል እዩ።

እቲ ናይ ቦታ ቅርበት ክውሰን ከሎ፥ ካብቲ ኣብ ዕለት 1 **የካቲት 2018** ከም መቐመጢ ገዛኻ ምዝጉብ ዝኾንካሉ ቦታ፥ ብናይ ዑፍ-ጉዕዞ ዘይኮነስ፡ በቲ ክውንነታዊ ጉዕዞ ወይ ብመገዲ ብሽክለታ ዘሎ ርሕቀት ተራእዩ እዩ።
እዚ "ተዛማዲ ናይ ቦታ ቅርበት መትከል'ዚ" እንታይ ማለት ምዃኑ፥ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.jarfalla.se/skolplats ኣቲኻ ብዝበለጸ ኣንብብ።

<u>ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ የርፈላ **ናይ ሓበሬታ ኣኼባታትን - ናይ ሓበሬታ ክፉት ጊዜን**</u>

ኣብ'ዚ ጊዜ ቀውዒ'ዚ፡ ምልክታ ቅድሚ ምቕራብኩም፥ ኣብ የርፈላ ኣብያተ-ትምህርቲ "ንቕድመ-ትምህርቲ ክፍሊ" ዚግበር **ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት**፥ ከምኡ'ውን ንናይ 6ይ ክፍሊ ዚግበር **ናይ ሓበሬታ ክፉት ጊዜ** ንምስታፍ ንኽትመጹ ብኽብሪ ንዕድመኩም። እቲ ምርጫኻ ኣብ ኢንተርነት jarfalla.se/skolplats **ቅድሚ 15 ጥሪ ግበሮ።**

**ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት ንወለዲ**

**- ንቕድመ-ትምህርቲ ክፍሊ**

| **ኣብ Barkarbyን ኣብ Skälbyን** | **ዕለት** | **ጊዜ** |
|---|---|---|
| Barkarbyskolan | 30/11 | 18.30 |
| Herrestaskolan | 5/12 | 18.30 |
| Neptuniskolan | 14/11 | 18.30 |
| Skälbyskolan | 23/11 | 18.00 |
| **ኣብ Jakobsberg** | | |
| Aspnässkolan | 30/11 | 18.00 |
| Berghemskolan | 20/11 | 18.00 |
| Nybergskolan | 29/11 | 18.30 |
| Olovslundskolan | 15/11 | 18.30 |
| Tallbohovskolan | 29/11 | 18.30 |
| Vattmyraskolan | 20/11 | 18.00 |
| **ግላውያን ኣብየተ-ትምህርቲ** | | |
| Montessoriskolan Växthuset | 6/12 | 18.30 |
| Vittra Jakobsberg, 08-584 105 90 | 30/11 | 18.00 |
| **ኣብ Kallhällን ኣብ Stäketን** | | |
| Iljansbodaskolan | 23/11 | 18.00 |
| Kolarängskolan | 27/11 | 18.00 |
| Ulvsättraskolan | 28/11 | 18.30 |
| **ኣብ Viksjö** | | |
| Fastebolskolan | 28/11 | 18.00 |
| Högbyskolan *(i Fastebolskolan)* | 28/11 | 18.00 |
| Fjällen för- och grundskola | 7/12 | 18.00 |
| Lundskolan | 23/11 | 18.00 |
| Sandvikskolan | 21/11 | 18.00 |

**ክፉት ናይ ሓበሬታ ጊዜ**
**- ቅድሚ 6ይ ክፍሊ ምጅማር**

| | | |
|---|---|---|
| Björkebyskolan | 5/12 | 18.30 |
| Fjällen för- och grundskola | 7/12 | 18.00 |
| Järfälla musikklass *(ኣብ Tallbohovskolan)* | 29/11 | 18.30 |
| Källtorpskolan | 28/11 | 18.30 |
| Kvarnskolan | 6/12 | 18.30 |
| Tallbohovskolan | 29/11 | 18.30 |
| Viksjöskolan | 30/11 | 18.30 |
| **ግላውያን ኣብያተት-ትምህርቲ** | | |
| ”ኢንተርናሽናል ናይ እንግሊዝኛ ቤትትምህርቲ” | | |
| Internationella Engelska Skolan፡ ቴሌ 08-584 306 30 info.jarfalla@engelska.se | | |
| Vittra Jakobsberg፡ ቴሌ 08-584 105 90 | 30/11 | 18.00 |

***ምሳና ርክብ ክትገብር ንዕድመካ!***
ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ምቕራብ ምልክታን፡ ብዛዕባ ናይ “የርፈላ” ቅድመ-ትምህርቲን መባእታዊ ቤትትምህርትን፥ ኣብ *jarfalla.se/skolplats* ኣንብብ። ሕቶታት ምስ ዚህልወካ፡ ናብ “የርፈላ ኮሙን” ናይ ኣገልግሎት-ማእከል፥ ብቴሌፎን *08-580 285 00* ርክብ ግበር።